

# ሰሚናር ንደቂ ኣንስትዮ
# ኣብ ከተማ ካስል-ጀርመን ተኻይዱ



---

ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ካስል ዝተወደበ፡ ብኣደ መንበር ሃገራዊ ማሕበር ደቂ'ኣንስትዮ ኤርትራ ጀርመን ወ/ሮ መብራት ሃብቱ ሰፊሕ ሰሚናር ኣብ ከተማ ካስል ተኻይዱ።

ኣብቲ ብዕለት 15. 06. 2008 ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ወ/ሮ መብራት ንተራ ኤርትራውያን ደቂ'ኣንስትዮ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ሃገርን ዝነበረን ተራ ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ሂባ።

ቀጺላ ብዛዕባ መሰል ደቂ'ኣንስትዮ ብዓለምን ሃገርን ደረጃ ኣስተምህሮ ሂባ። ኣብ መግለጺኣ ደቂ'ኣንስትዮ ኤርትራ ኣረጋጊጸንኦ ዘለዋ መሰል፡ ሓያል ቃልሲ ዝተካየዶን ክቡር መስዋእቲ ዝተከፍሎን እምበር ከም ማና ካብ ሰማይ ወሪዱ ዝተዓደለ ከምዘይኮነ ብምዝኽኻር፡ ክዕቀብን ክሕይልን ቀጻልነት ክህልዎን ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ሓላፍነት ኢዩ፡ ምኽንያቱ ናይ መሰል ሕቶ ስለዝኾነ ካብ ንመሰልካ ምቅላስ ዝዓቢ ጸጋ የለን ኢላ።

ቀጺላ ንመሰል ደቂ'ኣንስትዮ ኤርትራ ብዓንተብኡ ኣሚኑ ዝተቃለሰን ኣብ ምሕያሉ ዓቢ ተራ ዝጸወተ ዘሎን ትማሊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሎሚ (ህ.ግ.ደ.ፍ.) መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ። እንተኾነ ግን ጌና ኣብ ሕብረተ ሰብና ድሑር ባህልታት ካብ ሱሮም ስለዘይተበርቐ፡ ጽባሕ እዚ ተጓናጺፍናዮ ዘለና ዓወታት ከይቁጸ ቃልስና ካብዚ ዘለዎ ብዝሓየለ ክንቅጽሎ ይግባእ ብምባል ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ከተማ ካስል ድማ ኣብ ዝሓለፈ ፕሮጀክትታት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ጀርመን ከም ኩለን ሃ.ማ.ደ.ኤ. ጀርመን ዘበርከተኦ ግደ ብቀሊል ዝግመት ኣይኮነን፡ እንተኮነ እቲ ጥርናፌ ካብ ዘለዎ ዝያዳ ክሕይል ተላብያ። ድሕሪ ዚ ተሳተፍቲ ሰሚናር ዘይበርሃለን ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪበን። ንጹር መልሲ ብወ/ሮ መብራት ሃብቱ ምስተዋህበን ድማ ሓያሎ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ዝነጥፋ ዝነበራ ድሕሪ ናጽነት ግን ዝያዳ ኣብ ናብረኣን ኣተኲረን ዝጸንሓ ሎሚ ውን ከም ትማሊ ኣብ ማሕበርና ተጠርኒፍና ንመሰልና ክንቃለስ ኢና ብምባል ኣባልነተን ኣብ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከረጋግጻ እንከለዋ፡ ካልኦት መንእሰያት ድማ ሓደስቲ ኣባላት ብምዃን ኣብቲ ማሕበር ተወዲበን።

ኣብ መደምደምታ ተሳተፍቲ ሰሚናር ከምዚ ዓይነት መሃርን ጽቡቕን ዕዉትን ሰሚናር ንመጀመርታና ኢና ንርኢ ዘሎና ሞ እንተወሓደ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ክካየደልና ድሌትና 'ዩ ኢለን።
ኣብ ከተማኦን ድማ ኣብ ከክልተ ወርሒ ኣኼባታት ብምክያድ መትከላትን ቕዋምን ሃ.ማ.ደ.ኤ. ክመሃራን ጥርናፌኦን ከሐይላን ወሲነን። እተን መንእሰያት ድማ ናይ ቛንቛ ትግርኛ ጸገማት ከምዘለወንን መምህራን ከምዘድልይወንን ተላቢየን። እዚ ድማ ርዱእ ኮይኑ መፍትሒ ክናድያሉ ተራዲኣን።

ሃ.ማ.ደ.ኤ.
ካስልን ከባቢኣን ጀርመን